**Kanton Zürich**
**Bildungsdirektion**
**Volksschulamt**

Tigrinya

# Elterngespräche in Kindergarten und 1. Klasse
# Hintergrundinformationen Entwicklungsbereiche

Dieses Dokument ist eine Übersetzungshilfe zuhanden fremdsprachiger Eltern.

ዘረባ ምስ ወለዲ ኣብ መዋእለ ህጻናትን ቀዳማይ ክፍልን

# ንልምዓታዊ ከባቢታት ዝምልከት ድሕረ ባይታዊ ሓበሬታ

እዚ ሰነድ እዚ ቋንቋ ወጻኢ ንዝዛረቡ ወለዲ ዝኸውን ናይ ትርጉም ሓገዝ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ መብርሂታት ካብ መደብ ትምህርቲ 21 ናይ ዙሪክ (Lehrplan 21) ዝተወስዱ እዮም ።

## ኣካላት፡ ጥዕናን ናይ ምንቅስቓስ ክእለትን (Motorik)

ቆልዑ ኣካላቶም ከም ማእከል ጌሮም ይወስድዎ: ብተግባራቶም ክኣ ንዓለም ይፈልጥዋ። ሰፊሕ ኣማራጺታት ምንቅስቓስ ኣካላት: ንጥዑይ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለኦም ይድግፉ።

ቆልዓ...

– ንጡፍ እዩ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምንቅስቓስ ይፍትንን ይለማመድን፤
– ናይ ምንቅስቓስ ተኽእሎታቱን ብቕዓቱንቱን የጽሪ፤
– ናይ ምውህሃድ (Koordination) ክእለታቱ የለማምድ፤
– ስምዒታቱ ብኣካላቱ ይገልጽ፤
– ኣርእስታት ብኣካላዊ መንገዲ ከተግብርን ክውክልን (ከርእን) ይምሃር፤
– ምስ ኣካላዊ ብቕዓትን ድሩትነትን ክወሃሃድ ይጅምር፤
– ብጥንቃቐ ክነጥፍ ይመሃር፤
– ርእሰ ተኣማንነት የማዕብል: ተባዕ እዩ፤
– ኣካላዊ ብቕዓቱ ምስ ካልኦት ክዕቅን ይጅምር።

## ምስትውዓል/ምግንዛብ

ቆልዑ ብምስትውዓል/ብምግንዛብ ምስ ገዛእ ርእሶምን ምስ ከባቢኦምን ርክብ ይፈጥሩ። ንርእሶም: ንኣካላቶም: ንካልኦት ሰባትን ንከባቢኦምን ብዝተፈላለየ ህዋሳቶም የስተውዕሉ/ይግንዘቡ። ይርእዩ፡ ይሰምዑ፡ ይሸትቱ፡ ይጥዕሙን ይስምዖምን። ኩሎም እዞም ክፋላት ብቐረባ ዝተኣሳሰሩ እዮም።

ቆልዓ...

– ኣቓሑ፣ ኩነታትን መስርሕን ብምግንዛብ ምስ ናይ ደገ ዓለም ይላለ፤
– ኣካላቱ ኣብ ግዜን ቦታን ከምኡ'ውን ምስ ከባቢ ብዝገብሮ ርክብ ይግንዘብ፤
– ብስምዒታት፣ ሓሳባት፣ ዝኽርን ስእለ ኣእምሮን ውሽጣዊ ዓለም ይፈልጥ፤
– ምስ እዋናዊ ኩነታት ዝተኣሳሰሩ ህዋሳዊ ግንዛበታት የለሊ፤
– ግንዛቤታት ምግላጽን ምውድዳርን ይምሃር፤
– ኣብ ኣቓልቦኡ ኣተኩሮ ይገብርን ብልክዕ ምዕዛብ ይለማመድን፤
– ብተመኩሮ ተዛማዲ ናይ ቃላት ዓውዲ ይሃንጽ።

## ናይ ግዜ መረዳእታ

ተፈጥሮኣዊ ናይ ግዜ ስምዒት ስለዘየለ ግዜ ድማ ማሕበራዊ ፈጠራ ስለዝኾነ: ቆልዑ ንውሓት ግዜ ምግማት: ግዜ ምውጣንን ጸጋታት ግዜ ብዕላማ ምጥቃምን ክመሃሩ ኣለዎም። ምርዳእታ ናይ ግዜ ነዊሕን ዝተሓላለኸን መስርሕ እዩ። ቆልዑ ነዚኦም ብዝተፈላለየ ሓሳባት ይፈልጥዎምን ይግምግምዎምን ን።

ቆልዓ...

– ናይ ዓውደ ግዜ ቃላት የነጽር (ንኣብነት ጽባሕ ወይ ቅድሚ ትማሊ ዝነበረ መዓልቲ)፤
– መስርዕን ዝርዝርን ይሰርሕ፤
– መዓልታት ሰሙንን ኣዋርሕን የድምጽ፤
– ቀዋምን ዝተፈላለየን መዓልታዊ ኣቃውማታት የንጸባርቕ (ኣቃውማ ግዜ)
– ኣብ ዓመታዊ መስርሕ: ትርጉም ዘለዎም እዋናት የብዕል (ዕለተ ልደትን ካልኦት በዓላትን)
– ንጊዜ ብስእላዊ ኣገባብ ይገልጽ (ሰዓት: ኣዋርሕ: ዓንኬል ዓመት)፤
– ተግባራት ቅደም ተኸተል ይሓስብ፣ ይፍጽሞምን የንጸባርቖምን፤
– ንውሓት ግዜ ናይ ንጥፈታት ይግምትን ይዕቅንን።

### ናይ ቦታ መረዳእታ

ቆልዑ ብተመኩሮታት ጌሮም ናይ ቀረባን ርሑቕን ከባቢኦም ኣእምሮኣዊ ምስሊ ይሃንጹ፡ እዚ ድማ ንነብሶም ከማእዝኑ የኽእሎም።
ብዝተፈላለዩ ተመኩሮታት ኣብ ቦታታት: መሰረታዊ ናይ ምምእዛን ክእለት የጥርዩ።

ቆልዓ...
– ዝነብረሉ ሃዋህው (ዝነብረሉ ኣከባቢ: ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ: ናብ ቤት-ትምህርቲ ዝወስድ መንገዲ) ይምርምር፤
– ዝተፈላለየ ኣጠቓቕማ ቦታታት (ውሽጣዊ: ደጋዊ) ይመሃር፤
– ናይ ቦታ መለለይ፣ ምትእስሳርን ትግባረን ይፈልጥ፤
– ካብ መነባብሮ ከባቢኡን ስእለ ኣእምርኡን ቦታታት ይስእልን ይገልጽን፤
– ቀለልቲ መግለጺታት (ውክልና) ናይ ቦታታት (ንኣብነት ፕላን፣ ንድፍታት (Kroki)፣ ስእልታት) የንብብን ይርዳእን።

### ምትእስሳራትን ነገራት ምስራዕ: ምምዝዛንን ምልላይን

ቆልዑ ኣብ ዓለም ባህርያዊ ተገዳስነት ኣለዎም። ብዛዕባ ህይወት ዘይብሉን ህያውን ተፈጥሮን ርክብ ደቂ ሰባትን ብኣጋኡ ናይ ገዛእ ርእሶም ስእሊ የማዕብሉ። ናይ ገዛእ ርእሶም ንጥፈታት ከበግሱ ይተባብዑ፣ ብውልቂን ብሓባርን ክጻወቱን ክድህስሱን ዕድል ይወሃቦም፣ ትዕዝብቶምን ተመኩሮኦምን ይለዋወጡ።

ቆልዓ...
– ምትእስሳርን ኣብ መንጎ ጠንቅን ውጽኢትን ዘሎ ርክብ የለልን ይፈልጥን
– ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዝጥቀሙሉን ዝትግበሩን ቃላትን ኣምርን የማዕብል፤
– ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ፣ ወይ እዚ ንምንታይ ይጠቅም ፤ ብዝብል ሕቶታት ተነቓቒሑ ብዛዕባ ሓሳባቱ የስተንትንን ዝያዳ የማዕብሎን፣
– ንናይ ዓለም ኣረኣእይኡ ይፈላልዮ።

### ስእለ ኣእምሮን ፈጠራን

ቆልዑ ፈጠራዊ መስርሓት: ቀንዲ ብዘይተዋደደን ሃንደበታዊ መንገዲን: ብኽፉል መረዳእታን እዮም ዝካየዱ። እቶም ቆልዑ ንውሽጣውን ግዳማውን ርድኢታት ብምትርጓምን ነዚ ድማ ምስ ሓሳባቶምን ፍልጠቶምን ብምትእስሳርን ግብረ መልሲ ይህቡ። ኣዝዩ ስእለ ኣእምሮ ዘለዎ ቆልዓ ዝተፈላለየ ውሽጣዊ ምስልታትን ሓሳባትን ኣለዎ። ናጽነት፡ ሓሳብ ምሃብን፡ ደገፍን ንፈጠራዊ መልክዕ ንምግላጽ ይፈታትኑ።
እቲ ቆልዓ ብፍላይ ነዚ ዝስዕብ ነገራት ክገብር ምስ ዝኽእል ፈጠራ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ፥
– ብናጽነት ምስ ዝጻወት፤
– ንዝተመኮሮን ንዝሓሰቦ (ስእለ ኣእምሮ) ነገራት ክርኢን (ክውክልን) ክፍትንን ተኽእሎታት ምስዝህልዎን፤
– ብንጥፈትን ብውልቅን ንኣከባቢኡ ምስዝጋጠም፤
– ንዝተገንዘቦም ነገራት ዳግም ምስ ዝሓስቦምን ምስ ዘማዕብሎምን፤
– ዘይተለመዱ ኣረኣእያን መፍትሒታትን ምስ ዘማዕብል።

### ምምሃርን (ምጽናዕን) ምስትንታንን

ቆልዑ ኣብ መስርሕ ምዕባለኦም ናይ ገዛእ ርእሶም ናይ ትምህርቲ ዕድላት የስፍሑ፥ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስታት ይሳተፉ፡ ሓሳባትን ዕዮታትን ይቕበሉ፡ ይፍትሹ፡ ይምርምሩ፡ ይለማመዱ፡ ይዕዘቡ፡ የነጻጽሩ፡ ይምድቡ፡ ይመስሉ (ይቐድሑ) ፡ የተግብሩ፡ ይፍትኑ፡ ይግምቱ፡ ይትርጉሙ ወዘተ። መብዛሕትኡ እዚ ብጸወታዊ መንገዲ ዝትግበር ኮይኑ፡ ብመመላእታ ናይ ተኸታታሊ ትምህርታዊ ስርዓታዊ መልክዕ ይይፍጸም። ኣብ ነይ ዑደት ዝተዓዘብዎ ብምድጋምን ከምኡውን ዘርኣኻዮም ብምድጋምን (ንካልኦት ብምዕዛብ ምምሃር) ዝረኸብዎ ትምህርቲ ብፍላይ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ። ቆልዑ ካብ ዓበይቲ ሰባትን ብዓቢኡ ድማ ካብ ነንሕድሕዶምን ምስ ነንሕድሕዶምን እውን ይመሃሩ። ኣብ ዋን ኣስተንትኖ፡ ተግባራት፡ ምስልታት፡ ቋንቋ፡ ምልክታትን ሓሳባትን ነንሕድሕዶም ይተኣሳሰሩ። ብኸምዚ መንግዲ ናብ መብርሂ፡ ምደባን ሓፈሻዊ ትዕዝብትን ክብጻሕ ይከኣል።

ቆልዓ...
– ብዛዕባ ምስ ነገራት ዝተኣሳሰሩን (ጭቡጥ ዝኾኑን) ማሕበራውን ንጥፈታትን ዕላማታትን የስተንትን፤
– ሓድሽን ዝፈልጦን የነጻጽር፤
– ተግባራቱን ትምህርቱን ይውጥንን ከምኡውን ዕላማታት ንምህራም ትኹረት ይህብ፤
– ንሓደ ጭቡጥ ተመኩሮ ወይ ትዕዝብቲ ብስእላዊ ወይ መንገዲ ይገጥሞ፤
– ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ውክልናታት ናይ ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ወይ ኣገባብ ይዘራረብ።

### ቋንቋን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን

ዓለም ንቆልዑ ብመንገዲ ቋንቋ ትግለጸለኦም፤ ቆልዑ ተመኩሮታቶምን ስምዒታቶምን ብቓላት ክገልጹ ስለ ዝኽእሉ። ቋንቋ ኣብ ምምዕባል ኣተሓሳስባ፡ ምፍጣር ማሕበራዊ ርክባት፡ ምፍታሕ ጸገማትን ምጥራይ ኣገባባዊ ክእለትን ሜላታትን መሰረታዊ ተራ ኣለዎ። ቆልዑ ሓሳቦም ንምግላጽ ሰፊሕ ናይ ቋንቋን መረዳድኢ መሳርሒታትን ይጥቀሙ።

ቆልዓ...
– ኣብ ዓቢ ጉጅለ ሓሳቡ ንምግላጽ ይሕተት፤
– ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ምዝራብ መደባት ከም ስምምዓት፣ መብርሂታትን ምኽንያታትን፣ ዛንታታት፣ መግለጺታት፣ ኣቀራርባታት፣ ተመኩሮታት፣ ታሪኻትን ኩነታት ጸወታን ይነጥፍ፤
– ስነ-ቓላቱ የስፍሕን ናይ ምዝራብ/ምግላጽ ክእለታቱ የመሓይሽን፤
– ብሙዚቃን ኢደ ጥበብን (ምምሃዝ፣ ምስራሕ) ከምኡውን ብምንቅስቓስ ተወሳኺ መልክዓት መግለጺ ይረክብ።

## ውልቃዊ ብቕዓትን ማሕበራዊ ንጥፈታትን

ኣብ ነይ ዑደት ዝርከቡ ቆልዑ ንዓለም ዝፍትኑ፡ ተበግሶ ዝወስዱ፡ ዕዮታትት ብገዛእ ርእሶም ዝሰርሑ፣ ሓያል ጎንታት ዘማዕብሉን ርእሰ-ገምጋሞም ዝፈልዩን ነጻ ሰባት ከምዝኾኑ እዩ ዝስምዖም። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ ቆልዑ ምስ ዕብይ ዝበለ ጉጅለ መዛኑኦም ናይ ምጽንባር ተመኩሮ ይገብሩ፣ ዝተፈላለየ ዝምድናታት የጥርዩ፡ ንምክያዶም ውን ይመሃሩን። ረብሓታትን ድሌትን ናይ ካልኦት ቆልዑ ኣብ ግምት ምእታው፡ ምትሕብባርን ግርጭታት ብደገፍን ብዘይ ደገፍን ምፍታሕን ይመሃሩ።

ቆልዓ...

– ኣብ ዓቕሙን ክእለቱን ርእሰ-ተኣማንነት የማዕብልን ነዚኦም ክግምግም ይኽእልን፤
– ንናይ ገዛእ ርእሱ ተግባራት ሓላፍነት ምውሳድ እናወሰኸ ይኸይድ፤
– ናይ ካልኦት ርእይቶን ሓሳባትን ምስ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣተሓሳስባ ምውህሃድ ይመሃር (ኣረኣእያ ምውሳድ)፤
– ከከም ኩነታት ኣብቲ ጉጅለ ድሌታቱ ከረጋግጽ (ከተግብር፡ ክስምዕ) ወይ ሸለል ክብል (ከንሳሕብ) ይመሃር፤
– ናይ ሓጺር ግዜ ድሌታት ከደናጉን ናይ ነዊሕ ግዜ ዕላማታት ክስዕብን ይኽእል፤
– ናይ ገዛእ ርእሱ ስምዒታት ምቁጽጻር (ምስትኽኻል) ይለማመድ፤
– ንብስጭት ዘለዎ ተጻዋርነት ይውስኽ።